ሬድዮ መርሃዊት
RADIO MERHAWIT

P.o.box 3323 Washington DC 20010 ☼ email radiomerhawit@yahoo.com ☼ Tel .(202) 344 7740

ናብ:- ________________________________

## ዋኒን :- ምልመላ ቀወምቲ ኣባላት ሬድዮ መርሃዊት

ብቐዳምነት ዕዙዝ ልባዊ ሰላምታና ነቕርብ። ሬድዮ መርሃዊት ምስ ዎርልድ ሬድዮ ብምትሕብባር ንዋሽንግተንን ከባቢኣን ከምኡ'ውን ብኢንተርኔት ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ሰማዕታ ብWMET 1160AM ብቛንቋ ትግርኛ እናማሓላለፈት ትርከብ። ዛጊድ ብሬድዮን ኢንተርኔትን ኣብ ዝገበርናዮ ፈነወ በኣማኢት ኣሻሓት ዝግመቱ ሰማዕቲ ይከታተልዋ ከምዘለዉ ካብቲ ናይ ዜና ማዕኸን ዝበፅሓና ፀብፃብ ይሕብር። በብእዋኑ ኣብ እንገብሮም ፈነወታት እውን ብርክት ዝበሉ ሰማዕቲናን ደገፍትናን ብዛዕባ ትሕዝቶናን ኣቀራርባናን ዝምልከት ዘለዎም ናእዳን ኣኽብሮትን ብቴሌፎን ይኹን ብኢሜይል ብምግላፅ ዘባራቱዑናን ኣጀኹም ዝብሉናን ብዙሓት እዮም። እቲ መልእኽቶም እውን ናዓና ናይ ሞራልን ሓቦን ስንቂ ኮይኑና ብልበ ሙሉእነት፣ ብኹርዓት፣ ብሙሉእ ዓርሰ ተኣማንነትን ናይ ሞያ ብቕዓትን ክንሰርሕ ገይሩና እዩ።

### <u>ዝኸበርኩም ኣሓትን ኣሕዋትን!!</u>

**ሬድዮ መርሓዊት** ሓሳብኩም ብናፃ እትገልፁላ፤ ዋኒን ሃገርኩምን ድሃይ ህዝብኹምን እትፈልጡላ፤ ጉዳይኩም ብወግዒ እትዛተዩላን እትማሃሃሩላን፤ ብኣኹም ንዓኹም ዝቖመት፣ ናይ ህዝቢ ድምፂ ዝቃለሐላ መማረፂ ናይ ሓበሬታ ማእኸል ኮይና ሰርሓ ብኣግባቡ ንኸትፍፅም ክሳብ ሕዚ ንዝገበርኩምልና ናይ ገንዘብ፣ ናይ ሞራልን ምኽሪን ሓገዝ ዓቢይ እዩ። ነዚ ዝገበርኩምዎ ህያብ እውን ብሽም ሬድዮ መርሃዊት ካብ ልቢ ክነምስግን ንፎቱ።

ሓበሬታ ሃብቲ ህዝቢ እዩ!! ሕብረት ሓይሊ እዩ!! ሞራልን ገንዘብን ድማ መዋራወሪ ጉልበት እዩ'ሞ ረድዮ መርሃዊት ሞያን ብቕዓትን ተላቢሳ ናይ ህዝቢ ልሳን ኮይና ተጠናኺራ ንኽትቅፅል ሕዚ እውን ናታትኩም ዕዙዝ ተሳትፎ ወሳኒ ስለዝኾነ በብወርሑ ካብ $5 ዝብገስ ዝካኣለኩም ዝተለምደ ሓገዝኩም ክተወፍዩ ሕዚ እውን ተስፋናን ቆላሕታናን ዓቢይ እዩ።

በዚ መሰረት ሬድዮ መርሃዊት ካባኹም እትረኽቦ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ብዝግባእ ኣብ ቦትኡ ንምውዓል ምስ ቀወምቲ ኣባላታ ብምምኽኻር ኣብ ስራሕ ክውዕል ብምግባር ናይ ህዝብና ድሌትን ጥቕሚን ማእኸል ዝገበረ ሚዛናዊ ሓበሬታ ምፍናው ዘይሸራረፍ ዕላማ ገይራ ከምትቕፅል ቃል ትኣቱ።

ምስ ሰላምታ

ሬድዮ መርሃዊት

# ናይ ኣባልነት ፎርም

1. ወፈያ ብጥረ ገንዘብ (cash)$__________check) $____________________

   መፅብዓ በብወርሑ $_____________________________________________

2. ሽም____________________________________________________________

3. ኣድራሻ፡- street ______________________city _____________________

   state ____________ zip code _________________________

   Telephone ________________ e-mail ______________________

4. ሪኢቶ/ምኽሪ

ሓበሬታ ሃብቲ ህዝቢ እዩ

ሬድዮ መርሃዊት